# መስከረም ደሃይ ሃቢ!

መስከረም መስከረም ኳንክና ዳስ ጭዉያ

ትእምርትኺ ነይሩ ተስፋ ብካዕቦ
ክራማት ወጺኡ ብስራት ቀውዒ ዚሕፈሶ
ብሓምሊ ተሓሊፉ ዚትርከሶ ብገዓት ብቦሶ
ጠምዩ ዚተሰደደ ዚምለሶ
ሓረስታይ ተፈሲሁ ክርኢ ጻማ ዚሓረሶ።

ባህርኺ ተቐይሩ ከም ክሊማ ዘመንና
ዓርከ-መሓዛ ኳንኪ ምስ ህግደፍ መንጠሊና
ህዝቢ ዘብርስ ዘይብሉ ሕልና
መጓዕዝቱ ዚኸትር ኣብ ደበና
መቓልስቱ ዘጥፍእ ተመኾሊዩ ብገደና
ንፈተውቱ ዚቓጽ ኣብ ጉደና
ንዚሰገዱሉ ዚቐልዕ ብቡኛ
ንዘገልገሉዎ ዚድርቢ ከም ባሊና።

ብርሃን ኣሎ ክትብሎ ዘጸልምት
ሰላም ኲይኑ ክትብል ዘኽትት
ብሃገራዊ ኣገልግሎት መንእሰይ ዘጽንት።

መስከረም መስከረም ኳንክና ዳስ ጭዉያ!

ብጃምላ ወሲድኪ ዘይመለስኪ መራሕቲ
ኣስዓብኪዮም ደኣ ደረስቲ ሰነድቲ
ወሓጥኪዮም ተስፋ መጻኢ ወለዶ ተካእቲ
ዓበስኪዮም ውዕሎ ዚትርኹ ሊቓውንቲ
ዓገብ ዚበሉ ኵሎም ዓበይቲ
ኣቦን ኣደን ተጥፍኢ ብሓንቲ
ደቂ ሓንቲ ማህጸን ትስውሪ ዘይብሎም ነጋሪ
ንዚሰንከሉ ከይነሓፍኪ ትጀሃሪ
ንጠበቓ ትነቐኑትዮ ናብ ጓህሪ
ንሸማግለ ተኾርምይዮ ኣብ ምድሪ
ቀሽን ሽኽን ትውግዚ ብትሪ
ንፓትርያርክ ትኸሲ ኣብ ዘይብሉ መስካሪ
ንህጻናት ተዘኽትሚ ዘይብሎም ጠዋሪ
ነዴታት መበለት ትገብሪ።

ንተስእ ሃገራዊያን ኣለሊናዮ ኣሎና ጸላኢና
ነጊሩና ኢዩ ከም ዘይኩነ ናትና
ከዳዓት ዚበሎም ኰይኑዎ መናውሒ ከኒና
ኣይንጠራጠረሉ ባዕሉ'ዩ ነጊሩና
ኣይርከብን'ዩ ፍትሒ ካብ ጸላኢና
ነዳዲ ንወስኽሉ ን'ይኣክል' ተበግሶና
ኢድ ንኢድ ንስራሕ ንለዉጢ ሓቢርና
ለውጢ ሕጂ! Change now! ኢልና።

ፍትሒ ንእሱራትና
ራህዋ ንህዝብና
ንቃለስ ንቅዋምና።

ኣልጋነሽ ተወልደ
18 መስከረም 2020